# መጠነ ሰፊሕ ግፋ ኣብ ኤርትራ
# ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ስግኣቱ ገሊጹ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

**29.07.2005**

ኣብ ልዕሊ ወለድን ኣዝማድን ናይቶም ካብ ግዱድ ዕስክርና ኣምሊጦም ወይ ተሓቢኦም ዝብሃሉ መንእሰያት ካብ 15 ሓምለ ኣትሒዙ ዝካየድ ዘሎ ማእሰርቲ ንተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ከሻቕል ጀሚሩ ኣሎ። ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ብዕለት 28.07.2005 ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፣ እቶም እሱራት ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር ዝኾነ ናይ ማእሰርቲ ኩነታት ከምዝርከቡን፤ ምስ ቤተ-ሰቦም ይኹን ካልኦት ክራኸቡ ከምዘይፍቀደሎምን ሓቢሩ። ከምኡ ውን፣ ኣብ ልዕሊኦም ናይ ስቅያት ተግባራት ክይፍጸም ስግኣት ከምዘለዎ ገሊጹ። ገለ ካብቶም እሱራት ናይ መግቢ ምሕሳም ኣድማ ጀሚሮም ከምዘለዉ ውን ጠቒሱ።

እቶም ዝእሰሩ ዘለዉ ኣቦታትን ኣደታትን ናይ ቀረባ ቤተሰብን ናይቶም ልዕሊ 18 ዕድመ ዘለዎም እሞ ካብ 1994 ኣትሒዞም ኣብ ግዱድ ዕስክርናን፥ ኣብቲ ናይ ኣስገዳድ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቲ ኣብ ሳዋን ዘይተሳተፉን፤ ንሰራዊቶም ገዲፎም ዝኾብለሉን ወይ ድማ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ስደት ዘምርሑን ኢዮም። ዝቐርበሎም ዘሎ ክሲ ድማ፣ ደቐኹም ኣበይ ከም ዝተሓብኡን፣ ከመይ ከምዝሃደሙን ትፈልጡ ኢኹም፣ ተሓባቢርክምዎን ውን ኢኹም ዝብል ኢዩ። ካብ ግዱድ ዕስክርና ንዘምለጠ ውላዱ ወይ ቀረብ ከምጽእ ምኽኣሉ መብጽዓ ዝኣተወ፣ ካብ 10,000-50,000 ናቕፋ ከፊሉ ብውሕስነት ክወጽእ ከምዝኽእል ዝምልከቶም ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ሓቢሮም ኣለዉ።

ክሳዕ ሕጂ ብገበን ተኸሲሱ ናብ ቤት ፍርዲ ዝቐረበ ሰብ የለን። እቶም እሱራት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዓዲ ቀይሕን ካልኦት እተፈላለዩ ኣብያተ-ማእሰርትን ተዳጒኖም ከምዘለዉ ይፍለጥ። እቶም ኣብ ዓዲ ቀይሕ ናይ መግቢ ምሕሳም ኣድማ ዝገበሩ ናብ ቤት ማእሰርቲ ማይ ስርዋ ተመሓላሊፎም ኣለዉ።

በዚ ኣጋጣሚዚ፣ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፣ ጥርዓኑ ናብ ፕረሲደንት ኢሳያስን፥ ናብ ፎዝያ ሃሽም፣ ሚኒስተር ፍትሕን፥ ናብ ብሪጋደር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዱምን ከምዘቕረበን፤ በዚ ጉዳይዚ ዝግደሱ ኣካላት ድማ ጥርዓኖም ናብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ከቕርቡ ጻውዒቱ ኣቕሪቡ።